# ናይ ሓደሽቲ ስደተኛታት ምውህሃድ ስትራተጂ

## 2018 – 2022

## መጠቓለሊ



COSLA

scottish refugee council

Scottish Government
Riaghaltas na h-Alba
gov.scot




ዓለምለኸ መዓልቲ ስደተኛታት ሰነ 20 2017፣ ጆርጅ ስኬር፣ ግላስጎ፡፡
ምስጋና: ሮዲ ስኳት

እዚ ቡክሌት እዚ ናይ ሓድሽቲ ስኮት ስደተኛታት ምዉህሃድ ስትራተጂ 2018 – 2022 ሓፂር መጠቓለሊ እዩ፡፡

ናይቲ ስትራተጂ ሙሉእ መረዳእታ ኣብዚ ዝስዕብ ኣብ ኦንላይን ይርከብ **www.gov.scot/newscotsstrategy**

“ስኮት ብሓቂ ሙሉእ ልቦም ንስደተኛታት ኸፊቶም እዮም፡፡ ብምዉቅ አቀባብላ ምቕባሎም ኣዝዩ ዝንኣድ እዩ። ዓልምለኻዊ ስደት ኣብ ጥርዚ ኣብ ዝበጽሓሉ እዋን ምዃኑ ክኣ ዝያዳ ኣገዳሲ ይገብሮ።

እዚ ካልኣይ ናይ ሓደሽቲ ስኮት ስትራተጂ ኣዝዩ ጠቓሚ ዝኾነ ምልዕዓል እዩ፣ ብተወሳኺ ድማ UNHCR ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ነቲ ትርጓመን ኣቀራርባን ኣብ ምቕራፅ ንጡፋት ምኳኖም ይድግፍ።

ናይ ስኮትላንድ ምዉሃድ ስደተኛታት ከም ክልተኣዊ ክያዶ ምዉሳዱ፣ ኣብ ስደተኛታትን እቶም ተቐበልቲ ማሕበረሰባት ኣዉንታዊ ዝኾነ ለዉጢ ንምምፃእን ሓልዮት ዘለዎን ማሕበረሰብ ኣብ ምህናፅ ዘለዎ ራእይ ኣዚና ንቕበሎ እዩ፡፡››

ጎንዛሎ ቫርጋስ ሊዮሳ፣
ኣብ UK ናይ UNHCR ተወካሊ




ምስጋና: ኣላና ናቡሊስ

«ሓድሽ ስኮት ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ናብ ማሕበረሰብና ንኽፅንበሩ ፅገማት ከምዝገጥሞም ይፈልጥ ኮይኑ ግና እቶም ስደተኛታት ፍልጠትን፣ ጥንካረን ክእለትን ከምዘምፅኡ እዉን ይርዳእ። ንማሕበረሰብና ምንጪ ከም ዝኾኑን ህይወቶም ዳግማይ ክሃንጹ ከለዉ ስኮትላንድ ጠንኪራ፣ ሓልዮት ዝተመልኣን ዝተሳኸዐላ ሃገር ንኽትከዉን ይድግፉ እዮም፡፡»

**ኣንጂላ ኮንስታንስ MSP**፣ ናይ ማሕበረሰብ፣ ቁፅሪ ማሕበራዊ ዉሕሰትን ማዕርነት ጸሓፊ

«እዚ ሓዱሽ ስትራተጂ ኣብ ከይዲ ኣፈፃፅማን ዘቐመጦ ዉፅኢት ኣዝዩ ተስፋ ስለዘለዎ ሕጉሳት ኢና፡፡ ምስቲ ናይ ማሕበረሰብ፣ ናይ ፍትሒ ኣካላትን ፈፀምቲ ፖሊሲ ዉፉይነት ስኮትላንድ ብዝበለፀ ንኽትስስን፣ ንኽትጣመር መንገዲ ይፀርግ፡፡»

**ዶክተር ኣሊሰን ስትራንግ**፣ ናይ ሓደሽቲ ስኮት ማእኸል ኣቦ ወንበር፣ ዩንቨርስቲ ክዊን ማርጋሪት

«ኮስላ (COSLA) ክሳብ ሕጂ ዝተሰርሐ ስራሕ ዝሃነፀ ካልኣይ ስትራተጂ ንምምዕባል ምስ ዝተፈላለዩ ኣካላት ክሰርሕ ብምኽኣሉ ሕጉሳት ኢና፡፡

ኣብ መላእ ስኮትላንድ ዝርከቡ ከባብያዊ ምምሕዳራት ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ሓድሽ ሂወት ንኽሃንፁ ደገፍ ንምሃብ ድልዋት እዮም፡፡»

**ካዉንስለር ኬሊ ፔሪ**፣ ናይ ኮስላ (COSLA) ማሕበረሰብን ድሕንነትን ቦርድ ወሃቢት ቃል

«ናይ ስኮትላንድ ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ሓደሽቲ ስኮት ንምቅባል ደገፍና ንዝደልዩ ኣቀባብላን ሓዱሽ ሂወት ኣብ ምጅማርን ንዝሓለፉ ሰለስተ ዓሰርተ ዓመታት ዘለና ልምዲ ንቲ ማሕበረሰብ ክነካፍል ኣዚና ቅሩባት ኢና፡፡»

**ሳቢር ዛዛ**፣ ዋና ኣማሓዳሪ፣ ናይ ስኮትላንድ ቤት ምኽሪ




ምስጋና: ኢማን ታጂካ

ብመሰረት ዓለምለኻዊ ሕጊ፣ ስደተኛ ማለት:

> ብምኽንያት ዓልየት፣ ሃይማኖት፣ ዜግነት፣ ናይ ዝኾነ ማሕበራዊ ጉጅለ ወይ ፖለቲካዊ ኣመለኻኽቶ ኣባል ምዃን፤ ካብ ዝተወለደሉ ሃገር ወጻኢ ዘሎን ካብ ከምዚ ዓይነት ፍርሒ ክወጽእ ዘይከኣለን ወይ ዜግነት ዘይብሉን ቅድሚ ሕጂ ይነብረሉ ካብዝነበረ ወጻኢ ዘሎን ብኸምዚ እዚ ዓይነት ኩነት ካብ ፍርሒ ዘይወጸን ክምለስ ድልየት ዘይብሉን እዩ፡፡
>
> ዓንቀፅ 1(A) 1951 UN ኮንቬንሽን ዝተተሓሓዘ ናይ ስደተኛታት ኩነታት፡፡

ዑቕባ ሓታቲ ማለት ከም ስደተኛ ኣፍልጦ ንኽወሃቦ ዘመልከተ ሰብ እዩ፡፡

ከም ስደተኛ ኩነት ዝኣመሰሉ ተመሳሳሊ መሰላትን ግቡኣትን ዘለዎም ካልኦት ዝተፈለዩ ቅርፂ ዘለዎም ደገፍትን ሰብኣዉን ሓለዋታት ኣለዉ፡፡

በዚ ናይ ሕጂ ሕገ መንግስታዊ ምትዕርራይ ጉዳያት ዑቕባ ንመንግስቲ UK ቤት ፅሕፈት ዉሽጣዊ ጉዳያት ይፍፀም፡፡ እዚ ድማ ናይ ዑቕባ ከይዲ ስርዓት፣ ናይ ዑቕባ መንበርን ደገፍን ቀረብን ምስ ናይ UK ዳግመ ሰፈራ መደባት ምምሕዳርን ዉሳነን የካትት፡፡

ንስደተኛታትን ዑቕባ ሓተቲ ናብ ማሕበረሰብና ንኽጽንበሩ ንምሕጋዝ ኣገደስቲ ዝኾኑ መብዛሕትኦም ግልጋሎታት ክንክን ጥዕናን ትምህርትን ሓዊሱ ንመንግስቲ ስኮትላንድ ዝግደፉ እዮም፡፡

# ራእይ

**ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቕባ ካብ ዝመፅሉ እዋን ጀሚሮም ሂወቶም ዳግማይ ዝሃንፁላ ተቐባሊት ስኮትላንድ፡፡**

እዚ ራእይ ንምስኻዕ እዞም ዝስዕቡ ብስኮትላንድ ከም ዝስርሑ ነረጋግፅ፡

- እቲ ከባቢ ሰባት ካብ ስቓይ ናጻ ኮይኖም ከም ሓደ ኣባል ማሕበረሰብ ዝነብሩሉን ንኹሉ ሰብ ድሕንነቱ ዝተሓለወ ከባቢ ምዃኑ፡፡
- ኩሉ ሰብ ብትምህርቲ፣ ስራሕ፣ ባህልን ናይ ትርፊ ሰዓት ምንቅስቓስ ኣቢሉ ትምኒቱ ንኽረክብ የኽእል፡፡
- ጥንኩርን ንኹሉ ዘማእኸለን ማሕበረሰብን ኩሉ ሰብ እቲ መሰሉ ንኽትግብር ደገፍን ግልጋሎትን ከም ዝረኽቡ ምግባር።
- ምትሕዉዋስ እተኽብርን ጥንኩር ዝኾነ ርክብን መስተጋብርን ኣብ ዝሃንፅሉ ከይዲ ድማ ሰባት ባህሎም፣ ክእለቶምን ልምዶምን ከተግብሩን ከካፍሉን ዝኽእሉላ ሃገር እያ፡፡

**ስትራተጂ ኒዉ ስኮት እቲ ምዉህሃድ ነዊሕ እዋን ዝወስድ፣ ክልተኣዊ ከይድን ኣብቲ ተቐባሊ ሃገርን እቲ ስደተኛን ኣዉንታዊ ዝኾነ ለዉጢ ዘምፅእን ጥምረት ዘለዎ ንኹሉ ዘማእከለ ማሕበረሰብ ናብ ምፍጣር የምርሕ፡፡**

ኒስትራተጂ ሓደሽቲ ስኮት ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ኣብ ማሕበረሰብ ስኮትላንድ ንኽኣትዉ ንምድጋፍ ዝዓለመ እዩ፡፡ እዚ ድማ ናይ ስደተኝነት ኩነት ዝተዉሃቦም ወይ ካልእ ሰብኣዊ ሓለዋ፥ ዝግበረሎም፣ ዑቕባ ሓተቲ፣ ናይ ዑቕባ ሕትኦም ተቐባልነት ዘይረኸበ ኮይኑ ግና ኣብ ስኮትላንድ ዝፀንሑ የካትት፡፡

# ናይ ሓደሽቲ ስኮት ኣገባብ

ናይ ሓደሽቲ ስኮት ኣገባብ ዝምስርቱ ሓሙሽተ ዝተፈላለዩ መትከላት ኣለዉ፡

*ካብ ቀዳማይ መዓልቲ ጀሚርካ ምዉህሃድ*
ናይ ሓደሽቲ ስኮት ስትራተጂ ቀንዲ መትከል፣ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተቲ ናይ መንበሪ ፍቓድ ካብ ዝረኽብሉ ዕለት ጀሚሩ እንተይኮነስ ካብ ዝመፅሉ ፈላማይ ዕለት ኣትሒዝካ ምስቲ ማሕበረሰብ ንኽፅንበሩ ደገፍ ክግበረሎም ይግባእ፡፡

*መሰላት መሰረት ዝገበረ ኣገባብ*
ናይ ሓደሽቲ ስኮት ስትራተጂ፣ ሰባት ብዛዕባ መሰላቶምን ንኽፈልጡን ብኸመይ ክትግብርዎም ከም ዝግባእ ንኽርድኡን ናይ ምብርትታዕ ትልሚ ኣለዎ፡፡

ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ንድግፍ ኢና ምኽንያቱ ድማ ክግበር ዘለዎ ትኽክለኛ ተግባር ስለዝኾነ፣ ሰባት ድሕነቶም ተሓልዩ ንኽነብሩን ሰብኣዊ መሰላቶም ከረጋግፁ ክኽእሉ ኣለዎም፡፡

*ተሳትፎ ስደተኛታት*
ናይ ሓደሽቲ ስኮት ስትራተጂ፣ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተቲ እቲ ስትራተጅን ኣቀራርብኡን ኣብ ምህናፅ ብንጥፈት ንኽሳተፉ የበረታትዕ፡፡

*ሓቖፊ ማሕበረሰብ*
ናይ ሓደሽቲ ስኮት ስትራተጂ፣ ጥንኩር ዝኾነ ኩሉ ሰብ ንጡፍ ዜጋታት ኣብ ምህናጽ ዘኽእለሉ ስደተኛታት፣ ዑቕባ ሓተት ማሕበረሰብና ደገፍ ይገብር፡፡

*ሽርክናን ምትሕብባርን*
ናይ ሓደሽቲ ስኮት ስትራተጂ ኣብ መላእ ስኮትላንድ ስደተኛታትን ዑቕብ ሓተትን ኣብ ምሕጋዝ ዝተሳተፉ ትካላትን ጉጅለ ማሕበረሰባት ንምትሕብባር ዝማዕበለ እዩ፡፡


# ሓደሽቲ ስኮት 2018 – 2022

እዚ ካልኣይ ሓደሽቲ ስኮት ስትራተጂ ኣብቲ ናይ ፈለማ ስትራተጂ መሰረት ዝገበረን ብተወሳኺ ድማ ኣብ ናይ 2017 ክረምቲ ኣብ ዝተፈፀመ ስርሓት መሰረት ዝገበረ እዩ። ነቲ ተግባር ንምስላጥ ጠቓሚ ምስ ዝኾነ ምትሕብባር፣ ምሕዝነትን ተግባርን ዝተሃነፀ እዩ። ኣብ ስኮትላንድ ዝነብሩ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ምስቲ ፅልዋ ዘለዎ ተለዋዋጢ ኩነታት ፖለቲካ፣ ፖሊሲ ወይ ዓለምለኻዊ ኩነታት ንምልዉዋጥ እቲ ስትራተጂ ተለዋዋጢ ንምኾን ዝሃቀነ እዩ።

**ናይ ኒው እስኮት ሰፋሕቲ ዉፅኢታት:**

1. ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ኣብ ደሕንነቱ ዝተሓለወ፣ ተቐባልን ጥምረት ዘለዎ ማሕበረሰብን ዝተፈላለየ ርክብ ክሃንፅሉ ዝኽእሉ ከባቢ ይነብሩ።
2. ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን መሰላቶም፣ ግድኤቶምን ግቡኣቶምን ይርድኡን ሙሉእን ናጻ ሂወት ንኽመርሑ ይትግብርዎም።
3. ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን መሰላቶምን ድልየታቶምን ኣብ ግምት ዘእተወ፣ ዝተቐናጀወ ግልጋሎት ክረኽቡ ከኣ ይኽእሉ።
4. ኣብ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ፅልዋ ብዛዕባ ዘሕድር ፖሊሲታት፣ ስትራተጅካዊ ትልምታትን ሕግታትን ብመሰላቶም፣ ድልየታቶምን ትፅቢቶምን ኣቢሎም ይፈልጡ።

ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቕባ ካብ ዝመፅሉ እዋን ጀሚሮም ሂወቶም ዳግማይ ዝሃንፁሉ ተቐባሊት ሰኰትላንድ።



# ናይ ዑቕባ ሓተትቲ ድልየታት

**“ኩሉ ሰብ ካብ ጭቆና ንምርሓቕ ኣብ ካልእ ሃገር ዑቅባ ናይ ምሕታትን ምጥቃምን መሰል ኣለዎ፡፡”**

ዓንቀፅ 14(1) ዓለምለኻዉ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ኣዋጅ

## ዕላማን ተግባርን

እዚ ዝስዕብ ናይ ፈለማ ተግባር ምስ ናይ ዑቕባ ሓተቲ ዝራኸብ ድልየት ኣብ ናይ ፈለማ እዋን ይግበር ንክትግበር ይትልም።

<table>
<tr><th colspan="2">ውፅኢት: ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን መሰላቶም፣ ግድኤቶምን ግቡኣቶምን ይርድኡን ሙሉእን ናጻ ሂወት ንኽመርሑ ይትግብርዎም፡፡</th></tr>
<tr><th>ዕላማ: እንታይ ክንስልጥ ንደሊ</th><th>ተግባር: እንታይ ንገብር</th></tr>
<tr><td rowspan="3">ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን እቲ ናይ ዑቕባ ስርዓትን መሰላቶምን ግቡኣቶምን ኣብቲ መስርሕ ንኽርድኡን ምስቲ ዘሎ ኣገልግሎትን ስርዓትን ብዚ መሰረት ንኽሳተፉ የኽእሎም፡፡</td><td>ንዑቕባ ሓተቲ ዝቐርቡ ወይ ዘድልዩ ናይ ጥብቅና ደገፍ ሓዊሱ ናይ መረዳእታን ደገፍን ገምጋምን ክትትልን ፡፡</td></tr>
<tr><td>ናይ ዑቕባ ሓተቲ ድልየት ብዝሓሸ መልክዑ ንምስላጥ ናይ ትርጉም ኣገልግሎት ብኸመይ ከምዝመሓየሸ ምልላይ፡፡</td></tr>
<tr><td>ዑቕባ ሓተቲ ብዛዕባ ናይ መጓዓዝያ ደገፍ ብዝምልከት ብዝበለፀ መሰላቶም ከም ዝርድኡን ዝትግብሩን እዝ ምስተዋህቦም ውን ምስኡ ዝተተሓሓዙ ከምዝልለዩን ዝትግብሩን ምርግጋፅ፡፡</td></tr>
</table>

| ውፅኢት: ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን መሰላቶምን ድልየታቶምን ኣብ ግምት ዘእተወ ዝተቐናጀወ ግልጋሎት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡ | |
|---|---|
| **ዕላማ**: እንታይ ክነሳልጥ ንደሊ | **ተግባር**: እንታይ ንገብር |
| ንዑቕባ ሓተቲ ዝድግፉ ግልጋሎታት ብቐሊሉ ዝርከቡ፣ ብዝግባእ ዝተቐናጀዉን ንድልየታት ዑቕባ ሓተቲ ምላሽ ዝህብን ናብ ማሕበረሰብ ስኮትላንድ ዝገብርዎ ምዉህሃድ ዝድግፍ እዩ፡፡ | ናይ ቅድሚ ሕጂ ናይ ዑቕባ ሓተቲ መንገዲ መሰረት ብምግባር ንዑቕባ ሓተትቲ ዝድግፍ ዝተመሓየሸ ግልጋሎትን ክይድን ምህናፅ፡፡ |
| | ኣብ ስኮትላንድ ብዛዕባ ዝርከቡ ዑቕባ ሓተትቲ ድሌታት ዝተረኸቡ መረዳእታታት ብምልላይ፣ ብምእካብን ዝገጥምዎም ዝተፈለዩ ማሕለኻታት ብምልላይ ናይ ዑቕባ ሓተትቲ ድልየት ብዝሓሸ መልክዑ ምርዳእ፡፡ |
| | ኣብ ናይ ኣገልግሎት ኣቀራርባ ከምኡ ውን ናይ መወከሲ መስርሕ ሃጓፉት ንምፍታሕ ምስራሕ፡፡ |
| | ኣብ UKን ካብ ካልእ ሃገራት ዘሎ ዝሓሸ ናይ ኣገልግሎት ኣቀራርባ ምክፋልን ምቕባልን፡፡ |

| **ውፅኢት: ኣብ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ፅልዋ ብዛዕባ ዘሕድር ፖሊሲታት፣ ስትራተጅካዊ ትልምታትን ሕግታትን ብመሰላቶም፣ ድልየታቶምን ትፅቢቶምን ኣቢልካ ንምፍላጥ፡፡** | |
|---|---|
| **ዕላማ:** እንታይ ክነሳልጥ ንደሊ | **ተግባር:** እንታይ ንገብር |
| ምስ ዑቕባ ሓተቲ ዝተተሓሓዙ ፖሊሲታት፣ ስትራተጅካዊ ትልምታትን ሕግታትን ብናይ ዑቕባ ሓተትን ማሕበረሰብ ትፅቢትን ድልየት መሰረት ክትግበሩ፡፡ | ምስ ሓደሽቲ ናይ ዑቕባ ሓተቲ መንበርን ናይ ምኽሪ ኮንትራት ዝተተሓሓዘ ንቤት ፅሕፈት ዉሽጣዊ ጉዳያት ምምኻርን መስርሕ ተፅዕኖ ምፍጣርን፡፡ |
| | ድሕሪ እቲ ሓዱሽ ናይ ዑቕባ መንበርን ናይ ምኽሪ ኮንትራት ምውሃቡ ምስቶም ዕዉታት ተጫረቲ ብሓባር ምስራሕ፡፡ |
| | ኣብ ምስፍሕፋሕን ክእለት ምክፋልን ክሳተፉ ምስ ዝደልዩ ወይ ንምስታፍ ኣብ ግምት ዘእተው ከባብያዊ ምምሕዳራት ስትራተጅያዊ ትልሚ ምሕባርን ተፅዕኖ ምፍጣር፡፡ |
| | ናይ 2016 ናይ ስደተኛታት ሕግን ካልኦት ኣብ ስደተኛታት ተፅዕኖ ዘሕድሩ ናይ UKን ስኮትላንድን ሕግታት እንተሃልዮም ምፍታሽን ብኡ መሰረት ምላሽ ምሃብ። |
| | ምስ ዑቕባ ሓተቲ ዝተሓሓዙ ናይ ስኮትላንድ ፓርላማ ማዕርነትን ናይ ሰብኣዊ መሰላት ምሕታትን ምምልካትን ምድጋፍን፡፡ |
| | ዑቕባ ሓተቲ ኣብ ንዕኦም ዝወፅእ ፖሊሲን ስትራተጅካዊ ትልምን ምምዕባል ግልጋሎታት ንኽሳተፉ ምሕጋዝ፡፡ |


ምስጋና: ኢማን ታጂካ

# ተቐጻርነትን ናይ መሰላት ድሕንነት

“**ኲሉ ሰብ ናይ ምስራሕ** ፣ኣብ ዝደለዮ ናይ ስራሕ ቦታ ምስራሕ፣ ኣብ ስራሕ ምዕሩይን ምቹዉ ኣብ ዝኾነ ኲነታት ስራሕ ምስራሕን ካብ ሽቅለት ኣልቦነት ናይ ምንጋፍ መሰል ኣለዎ፡፡”

ዓንቀፅ 23(1) ዓለምለኻዉ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ኣዋጅ

“**ኲሉ ሰብ ከም ሓደ ኣካል ማሕበረሰብ ናይ ማሕበራዊ ዉሕሰትን** ምስኡ ተታሓሒዞም ኣብ ዝመፁ ነገራት መሰላት ኣለዎ እዚ ድማ ብሃገራዊ ጻዕርን ዓለምለኻዊ ሕብረትን ብመሰረት ትካላትን ናይ ነብሲ ወከፍ ሃገር ምንጭ ቁጠባ፣ ማሕበራዉን ባህላዉን መሰላትን ዝፍጸም ኮይኑ ንክብሩን መንነቱ ንምህናፅ እዩ፡፡”

ዓንቀፅ 22 ዓለምለኻዉ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ኣዋጅ

**ዕላማን ተግባርን**

እዚ ዝስዕብ ፈላማይ ተግባር ኣብ ፈለማ ዝካየዱ ምስ ስራሕ፣ መሰላት ድሕንነት ዝተተሓሓዘ እዩ፡

| ውፅኢት: ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን መሰላቶም፣ ግድኤቶምን ግቡኣቶምን ይርድኡን ሙሉእን ናጻ ሂወት ንኽመርሑ ይትግብርዎም፡፡ | |
|---|---|
| **ዕላማ: እንታይ ክነሳልጥ ንደሊ** | **ተግባር: እንታይ ንገብር** |
| እቲ ናይ ዑቕባ ደገፍ ደዉ ክብል ከሎ በነፊት ከም ዝተስተኻኸሉ ድሕሪ ምርግጋፅ ስደተኛታት ኣብ 28-መሰጋገሪ መዓልትታት ዉሽጢ ካብ ናይ ዑቕባ ደገፍ ንኽላቐቑ ደገፍ ይግበረሎም፡፡ | ንቤት ፅሕፈት ዉሽጣዊ ጉዳያት ክፍሊ ስራሕን ጥሮታን (DWP) ኣብ '28-መዓልትታት ምጉዓዝ-'፣ ናይ ድሕንነት በነፊት ንምርካብ ኣብ ምምዕባልን ገምጋምን ደገፍ ምግባር፡፡ |
| | ‹ናይ መፅንሒ ፍቓድ› ንዝተዉሃቦም 16ን ልዕሊኡን ዝዕድምኦም ስደተኛታት ናይ ድሕንነት ጥቕምታት ከም ዘረኽቡን ዘድልዮም ደገፍ ንኽረኽቡ ምስ ትኽክለኛ ዝኾኑ ወኪላት ምስራሕ፡፡ |
| | ድሕሪ ዕዉት ናይ ዑቕባ ሕቶ ንኣመልከቲ ብቑንቆም ሓበሬታ ምሃብ። |
| ስደተኛታት ስራሕ ንኽረኽቡ ዘለዎም ክእለትን ተወዳዳራይነትን ብዝግባእ የርድኡ፡፡ | ምስ ስራሕ፣ ድሕንነትን ጥቕማጥቕምን ዝተሓሓዘ ንኹሎም ስደተኛታት ብዛዕባ ዘለዎም መሰል፣ ምርጫን ዝቐርብሎም ኣማራጺታት መረዳእታ ምቕራብ፡፡ |
| | ስደተኛታት ብወለንታዉነት፣ ናይ ስራሕ ምደባ ወይ ክትትል ኣቢሎም ክእለቶም ንኽመዕብሉ ዕድላት ምውዳድ፡፡ |
| | ኣብ ዉልቃዊ ናይ ምዉህሃድ ትልሚ ሽቶታትን ድልየታትን ንምትላም መምርሕን ፅቡቕ ልምዲ ምምዕባል፡፡ |

| ውፅኢት: ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን መሰላቶምን ድልየታቶምን ኣብ ግምት ብምእታው ዝተዳለወ ኣገልግሎት ክረኽቡ ይኽእሉ:: | |
|---|---|
| **ዕላማ:** እንታይ ክነሳልጥ ንደሊ | **ተግባር:** እንታይ ንገብር |
| ስደተኛታት ክእለቶም ከመዕብሉ፣ ስራሕ ክረኽቡን ፋይናንሳዊ ናፅነት ክረኽቡ ይኽእሉ:: | ቅድመ ብቕዓት፣ ክእለትን ትምህርትን ሴክተር መሰረት ዝገበረ መንገዲ ናይ ምልላይ መስርሕን ናይ ኣፍልጦ ሞዴል ንምምዕባል ደገፍ ምግባር:: |
| | ኢንግሊዝኛ ተዛረብቲ ካልእ ቋንቋ (ESOL) ተበፃሕነትን ቀረብን ምምሕያሽ:: ምስ ናይ ሞያ ኣሰልጠንቲ ዘሎ ርክብ ንምምሕያሽ ESOL ምድጋፍ:: |
| | ናይ ስደተኛታት ክእለት ብዝሓሸ መልክዑ ንኽርድኡን ዉፉይነት ንኽድግፉ ምስ ኣቕረብቲ ኣገልግሎት ምንዳይ ስራሕን ድሕንነት ብሓባር ምስራሕ::[1] |
| ስደተኛታት ስራሕ ፈጣርነትን ምጅማርን ንግዲ ንምድጋፍ ዝተነደፉ ኣገልግሎታት ክረኽቡ ይኽእሉ:: | ስደተኛታት ናይ ስራሕ ፈጠራ ክእለቶምን ብቕዓቶምን ንኽግንዘቡን ናይ ንግዲ ምምዕባል ኣገልግሎት ብዝግባእ ንኽጥቀሙ መንገዲ ምፅራግ:: |

[1] ናይ ዓሚል ዉፉይነትን እቲ ዓሚል ከዳልዎ ዝተስማዕመዓሉን ኣብ ስራሕእንተሃልዩ ድማ እቶት ምዉሳኽ:: እዚ ብዉልቃዊ ኩነታት መሰረት ዝገበረን ኣብ ቀፃሊ ድማ ዝግምገምን ዝመሓየሽን እዩ:: https://www.gov.uk/government/publications/universal-credit-and-your-claimant-commitment-quick-guide/universal-credit-and-your-claimant-commitment

| ውፅኢት: ኣብ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ፅልዋ ብዛዕባ ዘሕድር ፖሊሲታት፣ ስትራተጅካዊ ትልምታትን ሕግታትን ብመሰላቶም፣ ድልየታቶምን ትፅቢቶምን ኣቢሎም ይፈልጡ፡፡ | |
|---|---|
| **ዕላማ**: እንታይ ክንሳልጥ ንደሊ | **ተግባር**: እንታይ ንገብር |
| ምስ ድሕንነት ዝተተሓሓዙ ፖሊስታት፣ ስትራተጂካዊ ትልምታትን ሕግታትን ብናይ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተቲ ድሌታትን ትጽቢታትን ዝገብሩ እዮም፡፡ | ናይ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተቲ ድልየት ንምምላእ ኣብ ኣዝዩ ዝተመሓየሸ ናይ ድሕንነት ሓይልታት ንኸታትዉ ምፍጣር፡፡ |

# መንበሪ ገዛ

**“ኩሉ ሰብ እዞም ዝስዕቡ ሓዊሱ ፅርየቱ ዝተሓለወ ሂወት ምስ ጥዕናን ድሕንነት ዘለዎ ሂወት ንባዕሉ ንስድርኡን ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ** ምግቢ፣ ኣልባሳት፣ **መንበሪ ገዛ** ከምኡ እውን ክንክን ሕክምናን ኣድላይ ዝኾነ ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ስራሕ ኣብ ዝስእነሉ፣ ዝሓመሉ እዋን፣ ስንክልና፣ በዓል እንዳ ኣብ ዝሞተሉን፣ ዕድመ ክደፍእ ከሎ ወይ ልዕሊ ዓቕሚ ዝኾኑ ናይ ሂወት ኩነታት ኣብ ዘጓንፍሉ እዋን ዉሕስና ክህልዎ ይግባእ፡፡”

ዓንቀፅ 25 (1) ዓለምለኻዉ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ኣዋጅ

**ዕላማን ተግባርን**

እዚ ዝስዕብ ፈላማይ ተግባር ኣብ ፈለማ ኣጋጣሚ ዝግበር ምስ መንበሪ ገዛ ዝተተሓሓዙ ተግባራት፡

<table>
<tr><th colspan="2">ውፅኢት: ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ኣብ ደሕንነቱ ዝተሓለወ፣ ተቐባልን ጥምረት ዘለዎ ማሕበረሰብን ዝተፈላለየ ርክብ ክሃንፅሉ ዝኽእሉ ከባቢ ይነብሩ፡፡</th></tr>
<tr><th>ዕላማ: እንታይ ክነሳልጥ ንደሊ</th><th>ተግባር: እንታይ ንገብር</th></tr>
<tr><td rowspan="3">ስደተኛታት ኣብቲ ሓዱሽ መንበሪኦም ምቅማጥ ኸለምዱን ሓገዝ ክረኽቡን ይኽእሉን ከም ዉፅኢት ድማ ዕዉት መልክዑ ይለምዱን ይወሃሃዱን፡፡</td><td>ስድተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ደገፍ፣ ምኽርን ካብ ሳልሳይ ሴክተር ዝረኽብዎ ጥብቅናን ማሕበረሰብ ኣብ ሓዲሽ ገዛን ማሕበረሰብን ንምምዕርራይ ዘሎ ቀረብ ምምሕያሽ፡፡</td></tr>
<tr><td>ምስ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ኣብ ቀረብ ኣገልግሎት መንበሪ ገዛ ምስ ዝሰርሑ ትካላት ብዛዕባ ድሕንነቱ ዝተሓለዎ ሪፖርት መግበሪ ሜላን ይጥቀሙ ከም ዘለዉን ናይ ጽልኢት ገበን ሪፖርት ዝገብሩ ሰባት ቁፅሪ ንኽዉስኽ ናይ ሳልሳይ ወገን ናይ ፅልኢት ገበን ይጥቀሙ ከም ዘለዉ ምርግጋፅ፡፡</td></tr>
<tr><td>LGBTI ዝኾኑ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ኣብ ነዉ እሰኮት ኣመለካኪታ ድሕንነትን ብዝምልከት ምስ ሶደማዊት፣ ሶደመኛ፣ ድርብ ፆታ፣ ፆታ ዝቐየሩን መንጎ ጾታዊ (LGBTI) ዝሕግዙ ትካላት ብዛዕባ ዝገጥምዎም ዛዕባታት ዝርርብ ክጅምሩ ይኽእሉን፡፡</td></tr>
</table>

| ውፅኢት: ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን መሰላቶም፣ ግድኤቶምን ግቡኣቶምን ይርድኡን ሙሉእን ናጻ ሂወት ንኽመርሑ ይትግብርዎም፡፡ | |
|---|---|
| **ዕላማ: እንታይ ክነሳልጥ ንደሊ** | **ተግባር: እንታይ ንገብር** |
| ኣብ ስኮትላንድ ንዝርከቡ ስደተኛታት ሰፊሕ ዝርግሐ ዘለዎም ምቹዋትን ዝኾኑ ናይ መንበሪ ገዛ ኣማሪጺታት ኣለው፡፡ | ስደተኛታት ዘለዎም ናይ መንበሪ ገዛ መሰላትን ኣማራጺታትን ብዝበለፀ ንምርዳእን ንምትግባርን ንኽኽእሎም ኣብ ኩሎም ከባብታት ዝርከቡ ናይ መንበሪ ገዛ ኤጀንስታት ዘለዉ ናይ መንበሪ ገዛ መማረፂ መረዳእታታት ንስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ብቐሊሉ ክረኽቡ ከም ዝገበሩ ምርግጋፅ፡፡ |
| ሓደሽቲ ስደተኛታት መንበሪ ገዛ ከይሓዙ ንኸይተርፉን ብዛዕባ ናይ ነዊሕ እዋን ትልሞም ከምዝፈልጡ ምስ ዘረጋግፁ ኤጀንስታት ብሓባር ብምስራሕ ኣብ ዉሽጢ 28 መዓልትታት ካብ ናይ ዑቕባ ሓታቲ መንበሪ ናብ ቀዋሚ ዝኾነ መንበሪ ገዛ ንኽሳገሩ ሓገዝ ይግበረሎም፡፡ | ኣብ ግላስጎዉ ምስ ዝተመዝገቡ ወነንቲ ገዛውቲ (RSLs)[2] ምሕዝነት ምህናፅ ምቕፃል እዚ ድማ ሓደሽቲ ስደተኛታት ኣብ ናይ ዑቕባ መንበሪኦም ንኽፀንሑ ናይ ገዛ ክራይ ስምምዕነት ምዝውዋር የካትት፡፡ |
| | ካብ ግላስጎ ወፃኢ ናይ መንበሪ ገዛ ኣማራጺ ዝኸዉን መስመር ንምኽፋት ምስ ከባብያዊ ምምሕዳርን RSL ብሓባር ምስራሕ፡፡ |
| | ሓዱሽ ገዛ ንምስንዳእ ኣገልግሎታት ብኸመይ ክረኽቡ ከም ዘለዎም ከም ዝፈልጡ ንምርግጋጽ ንሓደሽቲ ስደተናታት ‹መዉፅኢ ፓኬጅ› ምድላዉ፡፡ |

2 ኣብ ናይ ስኮትላንድ መንበሪ ገዛ ሕጊ ዝተመዝገቡ ናይ መንበሪ ገዛ ማሕበራት ወይ ናይ መንበሪ ገዛ ስራሕ ማሕበራት፡፡

| ውፅኢት: ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን መሰላቶምን ድልየታቶምን ኣብ ግምት ዘእተወ ዝተቐናጀወ ግልጋሎት ክረኽቡ ይኽእሉ። | |
|---|---|
| **ዕላማ: እንታይ ክነሳልጥ ንደሊ** | **ተግባር: እንታይ ንገብር** |
| ስደተኛታት ዝቐረበሎም ናይ መንበሪ ገዛ መማረፂ ሙሉእ ብሙሉእ ንኽርድኡ ደገፍ ክግበረሎም እዚ ድማ ንባዕሎም ዝሓሸ ኣማራጺ ንኽመርፁ የኽእሎም። | ኣብ ውሽጢ ናይ መንበሪ ገዛ መማረፂ ስልጠና ምስ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ምሰራሕ ዘሎ ፅቡቕ ልምዲ የካትት። |
| | ዑቕባ ሓተትን ስደተኛታት ምስ ናይ ስኮትላንድ ናይ መንበሪ ገዛ ኣቕረብቲ ንምዉህሃድ ብናይ ስኮትላንድ ቤት ምኽሪ ናይ ስደተኛታት መንበሪ ገዛ ኣፈጻሚ ዝወፀ መምርሒ ምብርትታዕ። |
| | LGBTI ዝኾኑ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ኣብ ኒዉ እሰኮት መንበረን ድሕንነትን ብዝምልከት ምስ ናይ LGBTI ትካላት ዘተ ምጅማር። |
| ስደተኛታት ኣብቲ ሓዱሽ መንበሪኦም ምንባር ንኽለምዱን ሓገዝ ምርካበብ ይኽእሉን ከም ዉፅኢት ድማ ዕዉት መልክዑ ይለምዱን ይወሃሃዱን። | ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ኣብቲ ሓዱሽ ከባብን ገዛን ንኽሰፍሩ ካብ ሳልሳይ ሴክተርን ማሕበረሰብን ዝግበረሎም ናይ ደገፍ ኣገልግሎትን ኣቀራርባን ንምምሕያሽን ንምምዕባልን ተሞክሮ ምልዉዋጥ። |




ምስጋና: ሞርጋን ብራዉን

# ትምህርቲ

“**ኩሉ ሰብ ናይ ምምሃር መሰል ኣለዎ።** ትምህርቲ ናፃ ክኸውን ኣለዎ፤ እንተነኣሰ ድማ ቀዳማይ ደረጃን መሰረታዊ ደረጃታት። ቀዳማይ ደረጃ ትምህርቲ ግዴታ ክኸውን ኣለዎ። ቴክኒካውን ሙያውን ትምህርቲ ንኹሉ ክቐርብ ክኽእል ኣለዎ ከምኡ እውን ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ንኹሉ ብማዕረ ክቐርብ ክኽእል ኣለዎ።»

ዓንቀፅ 26 (1) ዓለምለኻዊ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ኣዋጅ

## ዕላማን ተግባርን

እዚ ዝስዕብ ፈላማይ ተግባርን ምስ ትምህርቲ ዝተተሓሓዘ ስራሕት እዩ፡

| ውፅኢት: ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን መሰላቶም፣ ግድኤቶምን ግቡኣቶምን ይርድኡን ሙሉእን ናጻ ሂወት ንኽመርሑ ይትግብርዎም። | |
|---|---|
| **ዕላማ**: እንታይ ክነሳልጥ ንደሊ | **ተግባር**: እንታይ ንገብር |
| መናእሰይ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን (ወለዶምን፣ ተኸናኸንቶምን ሓብሓብቶምን) ብመልክዕን ደገፍን ትምህርቲ፣ ዕድል ትምህርትን ፋይናንሳዊ ደገፍን ብዛዕባ ዝቐረበሎም ኣማራጺታት ክፈልጡን ክርድኡን። | እቲ ኣብ ምርካብ ትምህርቲን ንስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ዘሎ ሓበሬታን ምብርትታዕን ምቕፃል። |
| | ተወሳኺ ዝኾነ ናይ ዓበይቲ ናይ ትምህርቲ ትካላት ፋይናንሳዊ ደገፍ ምልላይ፣ ንመናእሰይ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ምንጪ ዝኾኑን ምስ ኦም ዝሰርሑ ምብርትታዕ። |
| | ምስ CLD፣ ምስ ካልኦት ዓበይቲ ናይ ትምህርቲ ሴክተራትን ምስ ካልኦት ደገፍቲ ሴክተራት ተወሳኺ ዝኾነ ዓወት ንምምፃእን ንምርኣይን መማረፂ መንገዲ ምእላሽ። |

| ውፅኢት: ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን መሰላቶምን ድልየታቶምን ኣብ ግምት ዘእተወ ዝተቐናጀወ ኣገልግሎት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡ | |
|---|---|
| **ዕላማ: እንታይ ክነሳልጥ ንደሊ** | **ተግባር: እንታይ ንገብር** |
| ኩሎም ኣብ ዙርያ ትምህርትን ምስትመሃርን ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ምስ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ብዝግባእ ክረዳድኡ ይኽእሉ እዮም፡፡ | ምስ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ዘሎ ፅቡቕ ተሞክሮ ብምልላይ ግንዛበ ንምዕባይ ንስደተኛታት ዑቅባ ሓተትን ድልየት ብዝሓሸ መልክዑ ንምምላእ ናይ ልምምድ ኣብነታት ምክፋል ከምኡ ውን ናይ፡፡ |
| | ኢንግሊዝኛ መፍትሒ ቋንቋኡ ንዘይኮነ ሰብ ንክረዳድኡ ሰራሕተኛታት ህዝባዊ ኣገልግሎታት ዝድግፍ ምንቅስቓሳትን ናይ ስልጠና መደባት ምልላይን ምብርትታዕን፡፡ |
| | ኣብቲ ዘሎ ናይ ስልጣና መደባት ወይ ኣብ ትምህርቲ ቅኑዕ ዝኾነ መረዳእታ ፕሮፌሽናል ዝኾነ ምዕባለ ንምትእትታው ምንቅስቓሳት ምኽታት፡፡ |

| ውፅኢት: ኣብ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ፅልዋ ብዛዕባ ዘሕድር ፖሊሲታት፣ ስትራተጅካዊ ትልምታትን ሕግታትን ብመሰላቶም፣ ድልየታቶምን ትፅቢቶምን ኣቢሎም ይፈልጡ፡፡ | |
|---|---|
| **ዕላማ: እንታይ ክነሳልጥ ንደሊ** | **ተግባር: እንታይ ንገብር** |
| ኣፍልጦ ብቕዓት ስደተኛታት ናብ ተወሳኺ ትምህርቲ ወይ ትምህርቲ ንኽምዕብሉ የኽእሎም፡፡ | ቅድመ ብቕዓት፣ ክእለትን ትምህርትን ሴክተር መሰረት ዝገበረ መንገዲ ናይ ምልላይ መስርሕ ናይ ኣፍልጦ ሞዴል ንምምዕባል ደገፍ ምግባር፡፡ |

# ቛንቛ

**‹‹[ቛንቛ ማለት] ኣብ ሂወተይ ዝሓሸ ናይ ምኾን መንገዲ፡፡››**[3]

ሓደሽቲ ስኮት ስደተኛታት ናይ ምዉህሃድ ስትራተጂ ንምምዕባል ቛንቛ ወሳኒ ከምዝኾነ የለሊ፡፡

## ዕላማን ተግባርን

እዚ ዝስዕብ ፈላማ ተግባር ኣብቲ ፈለማ ዝካየድ ምስ ቛንቛ ዝተተሓሓዘ ስራሕ፡

| ውፅኢት: ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ኣብ ደሕንነቱ ዝተሓለወ፣ ተቐባልን ጥምረት ዘለዎ ማሕበረሰብን ዝተፈላለየ ርክብ ክሃንፅሉ ዝኽእሉ ከባቢ ይነብሩ፡፡ | |
|---|---|
| **ዕላማ**: እንታይ ክነሳልጥ ንደሊ | **ተግባር**: እንታይ ንገብር |
| ስደተኛታት ቛንቅኦምን ባህሎምን ምስ ከባብያዊ ማሕበረሰብ ናይ ምክፋል ዕድል ኣለዎም፡፡ | ናይ ስደተኛታት ቛንቛ ብኣዉንታዊ ዝኾነ መንገዲ ንምጥቃም ጽቡቕ ዝኾነ ልምዲ ምትብባዕ፡፡ |

3 ካብ ስደተኛታት ጥቕሲ : http://www.scottishrefugeecouncil.org.uk/assets/0001/1142/Full_Integration_Report_June_2016.pdf

| ውፅኢት: ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን መሰላቶም፣ ግድኤቶምን ግቡኣቶምን ይርድኡን ሙሉእን ናጻ ሂወት ንኽመርሑ ይትግብርዎም፡፡ | |
|---|---|
| **ዕላማ: እንታይ ክነሳልጥ ንደሊ** | **ተግባር: እንታይ ንገብር** |
| ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ቀፃሊ ዝኾነ ትምህርትን ስራሕን ንምርካብ ናይ ቋንቋ መለከዒ ናይ ምርካብ ዕድል ክህልዎም፡፡ | ናይ ESOL ኣወሳስዳ ብቕዓት ካብ ናይ ስኮትላንድ ኣፍልጦን ብቕዓትን ኣሰራርሓ (SCQF) ደረጃ 2 ናብ SCQF ደረጃ 6፣ ኣብ መላእ ሴክተር ምክትታል (ትምህርቲ፣ ኮሌጅ፣ ማሕበረሰባዊ ኣቕረብቲ) ምቅፃል፡፡ |
| | ተምሃሮ ተወሳኺ ናይ ትምህርቲ ተበፃሕነት ንምዉሳኽ ኣካዳምያዊ ፅንዓት ኣብ ምድላዉ ዘሎ ሃጓፋት ምልላይ፡፡ |
| | ናይ ESOL ብቕዓትን ኣብ ምሃብ ዘለዉ ጸገማት ንምፍታሕ መረዳእታ ምእካብ፡፡ |
| | ቀረብ ኣብ ዝተገደበሉ ከባቢ ንተምሃሮ ESOL ንምቕራብ ናይ ዲጅታላዊ ቴክኖሎጂ ብኸመይ ከም እትጥቀመሉ ምርኣይ፡፡ |
| ሓደሽቲ ዝመፁ ናይ ቋንቋ ፀገም ዘለዎም ዓበይትን መናእሰይን ሰባት ዘለዎም ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ኣማራጺታት ንክፈልጡ ዝኾነ ልምዲ ይበረታታዕን ይካፈልን፡፡ | ኣብ ዝተፈላለዩ ኣገባባትን ዉፅኢታትን ንዘይተምሃሩ ተምሃሮ መምርሂ ንምምዕባል ምስ ናይ ESOL ኣፈፀምቲ ፈላማይ ገምጋም ኣብ ግምት ምእታዉ፡፡ |
| | ንተምሃሮ ናይ ብቕዓት ጥቕሚ ኣፍልጦ ንምዕባይ ናይ ስኮትላንድ ብቕዓት በዓል ስልጣን (SQA) ESOL ኣብ መላእ እቲ ሴክተር ናይ ተሳተፍቲ ብቕዓት (ቤት ትምህርቲ፣ ኮሌጅን ማሕበረሰባዊ ኣቕረብቲ) ምብርትታዕ ምቕጻል፡፡ |

<table>
<tr><th colspan="2">ውፅኢት: ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን መሰላቶምን ድልየታቶምን ኣብ ግምት ዘእተወ ዝተቐናጀወ ግልጋሎት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡</th></tr>
<tr><th>ዕላማ: እንታይ ክነሳልጥ ንደሊ</th><th>ተግባር: እንታይ ንገብር</th></tr>
<tr><td rowspan="3">ናይ ቋንቋ ማሕለኻታት ንምርዳእን ብኸመይ ከም እትፈትሖም ንምፍላጥ ምስ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ዝሰርሑ ዝሐሓሸ ኣረዳድኣ ከምዝህልዎም ምግባር።</td><td>ክልተ ቋንቋ ንዝዛረቡ ተማሃሮ ኣብ ትምህርቲ ሴክተር ንምድጋፍ መሞከሪ ብምድላዉ ናይ ኦንላይን ከይዲ ትምህርቲ ምፍታን፡፡</td></tr>
<tr><td>ናይ ስደተኛታትን ዕቕባ ሓተትን ድልይት ምስ ከባብያዊ ESOL ብሓንሳብ ብምስራሕ ዝሓሸ ልምዲ ብምዉሳድ ናይ ESOL ኣካይዳ ምርኣይን ምቕባልን፡፡</td></tr>
<tr><td>ምስ ቋንቋ ዝተሓሓዙ ናይ ትምህርትታት ወይ ስልጠናታት ዕድል ናይ ኦንላይ ትምህርቲ ኣብ ግምት ምእታዉ፡፡</td></tr>
</table>



ምስጋና: ሮዲ ስኣት

# ጥዕናን ድሕንነትን

**“ኩሉ ሰብ እዞም ዝስዕቡ ሓዊሱ ፅርየቱ ዝተሓለወ ሂወት ምስ ጥዕናን ድሕንነት ዘለዎ ሂወት ንባዕሉ ንስድርኡን ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ፣ ምግቢ፣ ኣልባሳት፣** መንበሪ ገዛ **ከምኡ እውን ክንክን ሕክምናን ኣድላይ ዝኾነ ማሕበራዊ ግልጋሎትን፣** ስራሕ ኣብ ዝስእነሉ፣ ዝሓመሉ እዋን፣ ስንክልና፣ በዓል እንዳ ኣብ ዝሞተሉን፣ ዕድመ ክደፍእ ከሎ ወይ ልዕሊ ዓቕሚ ዝኾኑ ናይ ሂወት ኩነታት ኣብ ዘጓንፍሉ እዋን ዉሕስና ክህልዎ ይግባእ፡፡”

ዓንቀፅ 25 (1) ዓለምለኻዉ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ኣዋጅ

## ዕላማን ተግባርን

እዚ ዝስዕብ ፈላማይ ተግባር ምስ ጥዕናን ድሕነትን ዝተተሓሓዘ ስራሕ እዩ፡

| ውፅኢት: ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን መሰላቶም፣ ግድኤቶምን ግቡኣቶምን ይርድኡን ሙሉእን ናጻ ሂወት ንኽመርሑ ይትግብርዎም፡፡ | |
|---|---|
| **ዕላማ**: እንታይ ክነሳልጥ ንደሊ | **ተግባር**: እንታይ ንገብር |
| ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ናይ ባዕሎም ጥዕናን ድሕንነትን ክከታተሉን ከማሓይሹን ይኽእሉ፡፡ | ብዛዕባ መሰላቶምን ግቡኣቶምን ሓበሬታን ኣገልግሎት ብኸመይ ከምዝረኽቡ ዘለዎም መረዳእታ ንምምሕያሽ ምስ NHS 24 ማሕበራዊ ክንክን ብሓባር ምስራሕ፡፡ እዚ ስራሕ ናብ ***ቖሊል ቀረብን*** – ዝተመሓየሸ ናይ ጥዕና ተግባር ተኮር ትልሚ ከም ዝተራኸበ ምርግጋፅ፡፡ |
| | ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ኣብ ከባብያዉን ሃገራዉን ናይ ጥዕና ፎረማትን ስትራተጃካዊ ጉጅለ ዘለዎም ተሳትፎ ምዉሳኽ፡፡ |
| | ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ኣብ ናይ ጥዕና ክንክን ስርዓትን ኣብ ኣእምራዊ ጥዕናን ድሕንነትን ኣወንታዊ ፅልዋ ሓዊሱ ኣብ ናይ ጥዕና ምምሕያሽ ስትራተጂ ፍልጠቶም ካብቲ ደገፍ ዝረኸብዎ ናይ ተጠቃምነት ዕድል ምስፋሕ፡፡ |

| ውፅኢት: ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን መሰላቶምን ድልየታቶምን ኣብ ግምት ዘእተወ ዝተቐናጀወ ግልጋሎት ክረኽቡ ይኽእሉ:: | |
|---|---|
| **ዕላማ: እንታይ ክነሳልጥ ንደሊ** | **ተግባር: እንታይ ንገብር** |
| ናይ ጥዕና ግልጋሎታትን ማሕበራዊ ክንክን ግልጋሎታት ዝጥቀሙ ስደተኛታት ኣብዞም ግልጋሎታት ኣወንታዊ ዘኾነ ክህልዎምን ክብሮም ክሕሎን:: | ምዕሩይ ዘይኮነ ናይ ጥዕና ግልጋሎት ፅልዋ ግምገማን ናይ ማሕበራዊ ሴክተር ማዕርነት ግቡእ ንምክያድ ግልጋሎታት ንምድጋፍ ብዛዕባ ናይ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ድልየት መረዳእታ ምፍላይን ምርኣይን ምቕጻል:: |
| | ናይ ጥርዓን መስርሕ ንኹሎም ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ተበጻሒ ከም ዝኾነ ምርግጋፅ:: |
| እቶም ኣገልግሎታት ንድልየታት ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ምላሽ ወሃብቲ እዮም:: | ማዕርነተን ሰብኣዊ መሰላት ኮሚቴ *ዘይተርኣየ ሂወት – ሓድሽ ጅማሮ* ምኽሪ ብምትሕሓዝ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ብዛዕባ ዝገጥሞም ኩነታት ብዝምልከት ንጥዕናን ማሕበራዊ ክንክን ሰራሕተኛታት እኹል መምርሕን ስልጠናን ከም ዝተዉሃበ ምርግጋፅ:: |
| | ኣብ ኣቀራርባ ናይ ስንባደ ኣገልግሎት ጥዕናን ካልኦት ኣገልግሎታትን ጥንቃቐ ዝተመልአ መስርሕ ክዝርጋሕ ኣለዎ:: |
| | ብጥዕናን ማሕበራዉን ክንክን ሰራሕተኛታት ዝቐርብ ናይ ጥዕናን ማሕበራዊ ክንክን ምስትርጓም ኣገልግሎታት ንምምሕያሽ እቲ ፅቡቕ ልምድን መምርሕን ኣካፍል:: |

| ውፅኢት: ኣብ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ፅልዋ ብዛዕባ ዘሕድር ፖሊሲታት፣ ስትራተጅካዊ ትልምታትን ሕግታትን ብመሰላቶም፣ ድልየታቶምን ትፅቢቶምን ኣቢሎም ይፈልጡ፡፡ | |
|---|---|
| **ዕላማ**: እንታይ ክነሳልጥ ንደሊ | **ተግባር**: እንታይ ንገብር |
| ፖሊስታት፣ ስትራተጂካዊ ትልምታትን ሕግታትን ብዘሎ ናይ ማሕበረሰባዊ ኩነታት ዝሕንጸጹ ኮይኖም ናይ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ድሕነት ዝፀልዉ እዮም፡፡ | ናይ መረዳእታ ኣጠቓማን ዝምልከቶም ስትራተጅታት ንምሕባር ናይ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ኣእሙራዊ ጥዕናን ድሕነትን ዝቆጻጸር መረዳእታ ኣብ ምዉህሃድ ዘለዎ ፅልዋ ንምልላይ ምስራሕ፡፡ |
| | ማሕበራዊ ኩነታት ኣብ ጥዕናን ድሕነትን ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ዘለዎ ፅልዋ መረዳእታ ንምቕራብ ናይ መጽናዕቲ ቀዳምነት ምልላይ፡፡ |
| | ናይ ጥዕናን ማሕበራዊ ክንክንን ተለምቲ ንምሕባር ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ብዛዕባ ዘድልዮም ናይ ጥዕና ድልየታት ምልላይን ምክፋልን ምቕፃል፡፡ |
| | ምስቲ ሰፊሕ ዝኾነ ማሕበራዊ ኩነት ዝተሓሓዘ ፖሊሲን ኣፈጻጽማን ብስደተኛታትን ብዑቕባ ሓተትን ብዛዕባ ዘድልዮም ጥዕናን መሰልን ፅልዋ ከምዝግበር ንምርግጋፅ ንምኽርን ናይ ተሳትፎ ዕድልን ምላሽ ሂብ፡፡ |




ምስጋና: ኣብ ድምፂ ኢሪንን ሲን

# ማሕበረሰብ፣ ባህልን ማሕበረሰባዊ ርክባት

« **ኩሉ ሰብ ኣብ ናይ ማሕበረሰብ ባህላዊ ሂወት ብናፅነት ናይ ምስታፍን** እቲ ጥበብን ሳይንትፊካዊ ምዕባለን ጥቕምን ንምጥቃም መሰል ኣለዎ፡፡»

ዓንቀፅ 27 (1) ዓለምለኻዉ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ኣዋጅ

## ዕላማን ተግባርን

እዚ ዝስዕብ ፈላማይ ዝኾነ ተግባር ኣብ ፈለማ ዝትግበር ምስ ማሕበረሰብ፣ ባሕልን ማሕበራዊ ርክባት መሰረት ገይሩ ተሃኒፁ፡፡

| ውፅኢት: ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ኣብ ድሕነቶም ዝተሓለወ፣ ተቐባልን ጥምረት ዘለዎ ማሕበረሰብን ዝተፈላለየ ርክብ ክሃንፁ ዝኽእሉ ከባቢ ይነብሩ፡፡ | |
|---|---|
| **ዕላማ: እንታይ ክነሳኽዕ ንደሊ** | **ተግባር: እንታይ ንገብር** |
| እቲ ማህበረሰብ ብዛዕባ ናይቶም ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ድልየት ይፈልጥን ኣብ ማሕበረሰባዊ ሂወት ንኽነጥፉ ይደልዩ፡፡ | ሓድነት፣ ኣዉንታዊ ርክብን ሞንጓዊ ርክብ፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣብ ናይ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ኣረዳድኣ ምምሕያሽን ዘርኣዉነት ምቅላስ ሓዊሱ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተቲ ኣብ ዝመፅሉ ከባቢ ዝርከቡ ማሕበረሰባት ንምድላዉ ዘሎ ሃገራዉን ከባብያዉን ምልዕዓላት ምህቃንን ምድጋፍን፡፡ |
| | ሓዱሽ ምልዕዓል ምምዕባልን እቲ ፅቡቕ ልምዲ ኣብ መላእ ስኮትላንድ ምስ ዝርከቡ ኣብ ዙርያ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ምስ ዝሰርሑ ሕጋዉን ወለንታዉን ማሕበረሰባዊ ትክላት ድማ ምክፋል፡፡ |
| እቶም ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ዝገጥሞም ማሕበራዊ ምንፃል፣ ኣብቲ ማሕበረሰብ ክነጥፉ ከለዉ ዝቕንስ ይኸዉን፡፡ | ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ማሕበራዊ ርክባት ንኽሃንፁን ባህላዊ ፍልጠት ንኽህልዎምን እዚ ድማ ኣብ ስኮትላንድ ናብ ዝርከቡ ኩሎም ስደተኛታትን ዑቕባ ሐተትን ክስፋሕፋሕ ከምዝኽእል ብምእማብ እቲ ዘሎ ዉልቃዊ ምምህሃርን ምእዘናን ምምዕባልን ምድጋፍን፡፡ |
| | ብናይ ስደተኛታት ፌስቲቫል ናይ ስኮትላንድ ሚድያ ሽልማት ምስ ሃገራዊ ናይ ጋዜጠኛታት ማሕበር ብምኳን ብዛዕባ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ትኽክለኛ ዝኾነ መረዳእታ ብናይ ስኮትላንድ ሚድያታት ምግዋሕ፡፡ |

| ውፅኢት: ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን መሰላቶም፣ ግድኤቶምን ግቡኣቶምን ይርድኡን ሙሉእን ናጻ ሂወት ንኽመርሑ ይትግብርዎም፡፡ | |
|---|---|
| **ዕላማ**: እንታይ ክነሳልጥ ንደሊ | **ተግባር**: እንታይ ንገብር |
| ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተቲ ኣብ ባህላዊ፣ ትዉፊታዉን ምንቅስቓሳት ስፖርት ንኽሳተፉን ናይ ባዕሎም ባህሊ፣ ክእለትን ኣስተዋፅኦን ከምዘኽብሩ ምግባር፡፡ | ኣብ ናይ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ዘሎ ናይ ባህሊ መሰላት ኣፍልጦ ምምዕባል፡፡ |
| | ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ኣብ ስኮትላንድ ኣብ ዝግበር ናይ ስደተኛታት ፈስቲቫልን ኣብ ካልኦት ሃገራዉን ከባብያዉ ፈስቲቫላት ስራሕቶም ንኽቕርቡ ዕድል ምምችቻዉ፡፡ |
| | ብኣርቲስታትን መራሕቲ ባህልን ስደተኛታት ዝግበር ደገፍ ምልላይን ምብርትታዕን፡፡ |

| ውፅኢት: ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን መሰላቶምን ድልየታቶምን ኣብ ግምት ዘእተወ ዝተቐናጀወ ኣገልግሎት ክረኽቡ ይኽእሉ። | |
|---|---|
| **ዕላማ: እንታይ ክነሳልጥ ንደሊ** | **ተግባር: እንታይ ንገብር** |
| ምዉህሃድ ስደተኛታት ንምድጋፍ ከባብያዊ ጉጅለ ማሕበረሰባትን ስደተኛታት መሰረት ዝገበሩ ትካላት ዓቢ እጃም ይፃወቱ። | ኣብ ብሕጊ ዝቖመ፣ ወለንታዊ ማሕበረሰባዊ ትካላት ብምሕዝነታዊ ኣገባብ ዑቕባ፣ ዳግመ ሰፈራን ማሕበረሰባዊ ስፖንሰር ሓዊሱ ኣብ መላእ ስኮትላንድ ብዛዕባ ዘሎ ናይ ስደተኛታት መደባት ትልምን ኣፈፃፅማን ዘሎ ፅቡቕ ምንቅስቓሳት ምልላይን ምክፋልን። |
| | ንማሕበረሰብ እምነት መሰረት ዝገበረን ስደተኛታት ዝመርሕዎም ትካላት ልምዶም፣ ክእለቶም ዘካፍልሉን ምስ ምምዕባል ሃገራዊ ኔትዎርክ ዝተተሓሓዘ ደገፍን ዓቕሚ ምዕባይ ዝተተሓሓዘ ሃራዊ ኮንፍረንስ ምድላዉ። |
| | ኣብ ዕድላት ባህሊ፣ ውርሻን፣ ምዝንጋዕን ስፖትን ዘሎ ናይ ምትግባርን ምስታፍን መሰል የነፅርን ማሕለኻታት ይቕንስን። |

| ውፅኢት: ኣብ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ፅልዋ ብዛዕባ ዘሕድር ፖሊሲታት፣ ስትራተጅካዊ ትልምታትን ሕግታትን ብመሰላቶም፣ ድልየታቶምን ትፅቢቶምን ኣቢሎም ይፈልጡ፡፡ | |
|---|---|
| **ዕላማ: እንታይ ክነሳልጥ ንደሊ** | **ተግባር: እንታይ ንገብር** |
| ምስ ማሕበረሰብ፣ ባህልን ማሕበራዊ ርክባት ዝተተሓሓዙ ሃገራዊ ሕግታት ምምዕባልን ምትግባርን ብናይ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትቲ ልምዲ ሓበሬታ ይንገር፡፡ | ናይቶም ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ድምፅን ልምድን ኣብ ናይ ስኮትላንድ ናይ ባህሊ ስትራተጂን ካልኦት ምስ ስፖርት፣ ባህልን ውርሻን ዝተተሓሓዙ ስትራተጅታት ከም ዝካተቱ ምርግጋፅ፡፡ |
| | ናይ ስደተኛታት ምዉህሃድ ምስቲ ከም ኣብ ናይ 2015 ማሕበረሰባዊ ምብርትታዕ (ስኮትላንድ) ሕጊ ዝኣመሰሉ ምስ ማሕበረሰብ ዝተተሓሓዘ ናይ ሕግን ፖሊሲን ንምኽታት ምድጋፍ፡፡ |

# ንሓደሽቲ ስኮት ኣስተዋፅኦ ምግባር

ናይ ሓደሽቲ ስኮት ስትራተጂ ብናይ ምሕዝነት መሰረት ገይሩ ዝተሰርሐን ብ መንግስቲ ስኮትላንድ፣ ኮስላ (COSLA) ናይ ስኮትላንድ ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ይምራሕ፡፡
ብተወሳኺ ድማ እዚ ስትራተጂ ሓባራዊ ሽቶ ንምህራም ብሓንሳብ ምስ ዝሰርሑ ህዝባዊ ግልጋሎታት፣ ከባብያዊ ምምሕዳራት፣ ሳልሳይ ሴክተራትን ማሕበረሰባዊ ጉጅለታት ደገፍን ሙያዊ ክእለትን መሰረት ይገብር፡፡

ኣብ መላእ ስኮትላንድ ዝርከቡ ትካላትን ሰባትን ኣብ ምፍፃም እቲ ትልሚ ብቐጥታ ከይሳተፉ ይኽእሉ ኮይኑ ግና እቶም ሰባት ናብቲ ማሕበረሰብ ብምቕባልን ብምድጋፍን እጃሞም ከወፍዩ ይኽእሉ፡፡ ውድባትን ማሕበረሰባዊ ጉጅለታት ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቕባን ንኽሳተፉ ኣብ ዘኽእሎም ናይ ምንቅስቓስን ቀረብ ኣገልግሎትን ኣብ ዝትልም ስትራተጂ ዝርከብ መረዳእታ ክጥቀሙ ይኽእሉ፡፡

ንስደተኛታትን ዑቕባ ሓተትን ደገፍ ብምርኣይ ንሓድሽ ስኮት ኣስተዋጽኦ ክገብር ይኽእል፡፡ ድጋፍ ንምርኣይ እቲ ዝቐለለ መንገዲ:

- ንስደተኛታት፣ ሓተቲ ዑቕባን ናብቲ ማሕበረሰብ ሓድሽ ንዝኾነ ጋሻ ተቐባሊ ምኳን፡፡
- ብዛዕባ ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቕባን ብዝበለፀ ንምፍላጥ፣ ንኣብነት በቢዓመቱ ሰነ ኣብ ዝዳሎ ናይ ፌስቲቫል ስደተኛታት ስኮትላንድ ብምስታፍ፡፡
- ብወለንታዊ ስራሕ፡፡ ኣብ መላእ ስኮትላንድ ወለንታውያን ዝቕበሉ ብዙሓት ትካላት ኣለው፡፡ ዋላኳ ናይ ከባቢኹም ናይ ወለንታዊ ስራሕ ዕድላት ምስ ስደተኛን ሓተቲ ዑቕባ ብቐጥታ እንተዘይተራኸበ ናብቲ ሰፊሕ ማሕበረሰብ እጃም ክተወፍዩ ትኽእሉ፡፡ ብወለንታዊ ስኮትላንድ ኣቢልካ ዕድላት ክርከቡ ይኽእሉ፡፡[4]

---

4 http://www.volunteerscotland.net/



ምስጋና: ቤት ምኽሪ ሰሜናዊ ላናኣርክሺር

Scottish Government
Riaghaltas na h-Alba
gov.scot

© Crown copyright 2018

OGL

ካልእ እንተዘይተጠቒሱ እዚ ሕታም ኣብ ትሕቲ ክፉት ናይ መንግስቲ ሊቸንሳ v3.0 ተሓቲሙ፡፡ እዚ ሊቸንሳ ንምርኣይ፣ **nationalarchives.gov.uk/doc/open-government-licence/version/3** ረኣይ ወይ ናብ ጉጅለ ሓበሬታ ፖሊሲ፣ ሀገራዊ ኣርካይቭ፣ ኪዊ፣ ለንደን TW9 4DU ጸሓፍ ወይ ናብዚ ዝስዕብ ኢሜል ግበ: **psi@nationalarchives.gsi.gov.uk**.

ናይ ዝኾነ ሳልሳይ ወገን መሰል ቅዳሕ መረዳእታ እንተድኣ ኣለሊና ካብቲ ናይ ቅዳሕ መሰል ዝሓዘ ኣካለረ ፍቓድ ክትረክብ ኣለኩም፡፡

እዚ ሕታም ኣብ **www.gov.scot** ይርከብ

ብዛዕባ እዚ ሕትመት ዝምልከት ዝኾነ ርኢቶ እንተድኣ ሃልዩካ ብዚ ዝስዕብ ናባና ክለኣኽ ኣለዎ
መንግስቲ ስኮትላንድ
ሴንት ኣንድሪዉ ሃዉስ
ኤዲንብራ
EH1 3DG

ISBN: 978-1-78851-930-4 (መርበብ ሓበሬታ ጥራሕ)

ብመንግስቲ ስኮትላንድ ኣብ 2018 ዝተሓተመ

ብ APS ጉጅለ ስኮትላንድ፣ 21 መንገዲ ቲናንት፣ ኢደንበርግ EH6 5NA ንመንግስቲ ስኮትላንድ ዝተዳለወ
PPDAS354006 (01/18)